# ተሳታፍነት ደቀንስተዮ ማርያ ጸላም ኣብ ትምህርቲ እናነከየ ይኸይድ ስለዘሎ ተሳታፍነተን ንምዕዛዝ ጻዕርታት ክግበር ከምዝግባኣ ተገሊጹ።

------0-----

ቅድሚ ናጽነት ኤርትራ ዝነበረ ተሳታፍነት ደቀንስትዮ ማርያ ጸላም ኣብ ትምህርቲ ኣብ ክንዲ እናዛየደ እናነከየ ይኸይድ ስለዘሎ ህዝቢ እቲ ከባቢ ነዚ ተገንዚቡ ጻዕርታት ከካይድ ከምዝዝግባእ ተገሊጹ።

እዚ ዝተገልጸ ኣብ 1981 ድሮ ሻዱሻይ ወራር ዝተኸፍታ ኣብያተ ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ (ማርያ ጸላም) መበል 20 ዓመተን ካብ 5-7 ሓምለ ኣብ ዝጸንበላሉ እዋን እዩ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ ሚኒስተር ትምህርቲ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ኣብ ዘስምዖ መደረ፣ ምኽፋት ኣብያተ ትምህርቲ ማርያ ጸላም ኣብ ምምጻእ ማሕበራዊ ለውጢ ናይቲ ከባቢ ወሳኒ ተራ ከምዝነበሮ ገሊጹ።

ንሱ ኣስዒቡ፣ እቲ ትምህርቲ ብቋንቋ ኣደ ይወሃብ ብምንባሩ ነቲ መደብ ዝያዳ ዕዉት ከምዝገበሮ ጠቒሱ፣ “ሎሚ ድሕሪ 20 ዓመታት ነቲ መደብ ክንግምግም ከሎና ነቲ ዝተረኽበ ለውጢ ምዕቃቡን ብዝለዓለ ናህሪ ንቕድሚት ምድፍኡን የድሊ” ኢሉ። ንተሳታኣፍነት ደቀንስትዮ ኣብ ትምህርቲ ኣመልኪቱ ኣቶ ዑስማን፣ ነቲ እናደኸመ ዝኸይድ ዘሎ ተሳታፍነት ደቀንስት ኣብ ትምህርቲ ህዝቢ ማርያ ጸላም ዝያዳ ንምብርባሩ ብዕቱብ እንተሰሪሑ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ነታ ክሳብ ማእከላይ ደረጃ ጥራይ ትምህርት ዘላ ቤት ትምህርቲ ኣስማጥ ናብ ካልኣይ ደረጃ ክብ ከብላ ድሉው ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ኣደ-መንበር ሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራ ወይዘሮ ልኡል ገብርኣብ ብወገና፣ እቲ ቅድሚ ሕጂ ብኹሉ መለኪዒታት ኣብ ሃገርና ከም ሞዴል ናይ ለውጢ ዝውሰድ ዝነበረ ህዝቢ ማርያ ጸላም ነቲ ሰጉምዎ ዝነበረ ምዕሩይ ተሳታፍነት ደቀንስትዮ ሕጂ እውን ኣብ ኩሉ መዳያት ንኽዕቅቦን ዝያዳ ከዕዝዞን ተላብዮ።

ኣብተን ኣብያተ ትምህርቲ ተማሂሮም ኣብ ዝተፈላለየ መንግስታዊ ኣካላት ዝሰርሑ ዘለዉን ኣብቲ ጽንኩር ህሞት ኣብቲ ከባቢ ከም መማህራን፣ ኣለይቲ ተመሃሮ፣ ኣመሓደርቲ ኮይኖም ዘገልገሉ ገዳይም ተጋደልቲን እውን ኣብቲ ጽምብል ተረኺቦም፣ ነቲ መሪር ግን ከኣ ብኒሕ፣ ሓቦን ትብዓትን ዝተሰግረ ታሪኽ ዘኪሮምን ነቲ ጽንኩር ተመኩሮ ገምጊሞምን።

ጉጅለታት ባህሊ ዞባ ዓንሰባ፣ ኣብያተ ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ኣስማጥን ከምኡ እውን ካብ ዞባ ማእከል ዝመጸት ጉጅለ ባህሊ መሳጢ ምርኢት ከቕርባ ከለዋ ዝተፈላለየ ስፖርታዊ ውድድራት እውን ቀሪቡ።

ኣብቲ ጽምብል ሚኒስተር ፍትሒ ወይዘሮ ፎዝያ ሓሽም፣ ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ መሓመድ ስዒድ ባርህ፣ ሓላፊ ክፍሊ ኢሚግረሽን ቢሪጋደር ጀነራል ዓብደላ ሙሳ፣ መማህራን፣ ተመሃሮን ህዝቢ ማርያጸላምን ልዕሊ ሽሕ ሰባት ተሳቲፎም።

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ 6 መባእታን ሓንቲ ማእከላይ ደረጃን ኣብያተ ትምህርቲ ኣለዋ። ኣብዚ ግዜ እዚ ኣብ ኣብያተ-ትህምርቲ ማርያ ጸላም ዝተማህሩ ኣስታት 300 መንእሰያት ኣብ ዝተፈላለየ መንግስታዊ ኣካላት የገልግሉ ኣለዉ።

*****ኤ.ዜ.ኤ.*****